National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# ምንጪ ቲቢ ዳህሳስ ናይቶም ምስኦም ዝራኸቡ ኣካላትን



እቲ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ምክልኻል ሕማም ዓባይ ሰዓል (ቲቢ)፡ ምንጭን እቲ ዝግበር ዳህሳስ ርክባትን እዩ። ዕላማ ናይ ምንጭን ዳህሳ ርክባትን፡ ዳህሳስ ኣካይድካ ነቶም ብባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዝተለኽፉ ሰባት ኣለሊኻ ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ተፈዊሶም ከምዝሓውዩ ምግባር እዩ። እዚ ድማ ሕማም ቲቢ ከም ዘየማዕብሉ ይገብሮም። እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት እዚ ብዛዕባ ዳህሳስ ርክባት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትህበኩም ትኽእል እያ።

## ዕድመ ኣብ ዝተገብረልኩም ግዜ ብዛዕባ ጥዕናኹም ንናይ ምርግጋጽ መርመራ ኪዱ

እቲ ክፍሊ ጥዕና ኣገልግሎት (GGD) ናይ ዓባይ ሰዓል መረጋገጺ መርመራ ንኽትገብሩ እንተዓዲሙኩም ኬድኩም ተመርመሩ።
ሕማም ቲቢ) ሓደገኛ ብባክተርያ ዝለዓል ሕማም እዩ። እቲ ባክተርያ ከም ዘለኩምን ዘይብልኩምን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ንጥዕናኹምን ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ካልኦት ሰባትን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሕማም ብሕክምና ክውገድ ይኽእል እዩ።

## ምንጭን ዳህሳስ ርክባትን እንታይ ማለት እዩ፧

ገለ ሰባት ናይ ሳንቡእ ቲቢ (ንሳናቡእ ዘጥቅዕ) ምስ ዝህልዎም ንኻልኦት ሰባት ሕማም የተሓላልፉ። ንኣብነት እቲ ሕማም ንኣብነት፣ ብምስዓልን ምህንጣስን ብኣየር ኣቢሉ ናብ ካልኦት ይዝርጋሕ። ስለዚ ድማ እዩ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ነቶም ናይ ቀረባ ርክብ ዘለዎም ሰባት ናይ ዓባይ ሰዓል መርመራ ዝገብረሎም። እዚ ድማ ዳህሳስ ርክባት ይበሃል።

ዕላማ ናይ ዳህሳስ ርክባት ድማ ሕማም ኣረጋጊጽካ ምስ ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ናይ ሕማም ዓባይ ሰዓል ሕክምና ምግባር እዩ። እዚ ድማ ነቶም ሰባት ሕማም ዓባይ ሰዓል ከምዘየማዕብሉ ይገብሮም። ሓደ ሓደ ግዜ ገለ ካብዞም ሰባት እዚኣቶም ድሮ ኣቐዲሞም ተለኺፎም ጸኒሖም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ቅልጡፍ ዳህሳስ ምክያድ ግን ካብቲ ዝርግሐ ቲቢ የድሕን።

ሓደ ሓደ ግዜ ዳህሳስ ናይቲ ምንጪ ብተመሳሳሊ መንገዲ እዩ ዝግበር። እዚ ድማ ዳህሳስ ናይ ምንጪ ይበሃል።



ምስል 1. ምንጭ እና የእውቂያ ምርመራ

## እቶም ዝምርመሩ ሰባት ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም፧

እቲ ተሓጋጋዚ ኣላይ ሕሙማት ናይ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ዝርዝር ኣስማት ሰባት  ምስኡ ርክብ ዘለዎም  ይሕዝ። እዚኣቶም ድማ ስድራቤት፣ ኣዕሩኽ፣ መሳርሕቲ፣ ወይ ኣብ ትምህርቲ ብሓባር ዘለዉ ወይ ኣብ ክለባት ስፖርት ብሓባር ዘለዉ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ነቲ ዝኣከቦ ሓበሬታታት ብምስጢር ይዕቅቦ።

እቶም ምስቲ ዝሓመመ ሰብ ቀጻሊ ዝኾነ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ቅድሚ ኩሉ መርመራ ይግበረሎም። እቲ መርመራ ነዚ ርክብ እዚ ሕማም ዓባይ ሰዓል ከምዘሎ እንተኣረጋጊጽዎ እቶም ዉሑድ ግዜ ጥራይ ምስቲ ሕሙም ርክብ ዝነበሮም ካልኦት ሰባት ድማ ይምርመሩ እዮም። ወላ ንመርመራ ከይተዓደምኩም፣ ክትምርመሩ ዘለኩምዶ ይመስለኩም፧ እዚ ድማ ባዕልኹም ምስቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ተራኺብኩም ክትገብርዎ ትኽእሉ።

## እቲ መርመራ መዓስ ክካየድ ይግብኦ፧

ናይ ቲቢ መርመራ ካብታ ምስቲ ሕሙም ናይ መወዳእታ ርክብ ዝተገብረትላ ግዜ ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት እንተ ተገብረ ዘተኣማምን ይኸውን። እቲ ሕሙም ዘየቋርጽ ሰዓል ምስ ዝህልዎ፣ እቶም ምስኡ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ተጸዊዖም ቀዳማይ መርመራ ክግበረሎም ይኽእል። እቲ ካልኣይ መርመራ ድማ ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት ካብቲ ቀዳማይ መረመራ ጸኒሑ ይግበር።

## መርመራ ንኸመይ ዝበሉ ሰባት እዩ ዘገድስ፧

ቲቢ ኣብቶም ትሑት ናይ ሕማም ተጸዋርነት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ቀልጢፉ ይላባዕ። ንስኹም ኩሉ ግዜ ከምዚ ዝስዕብ ምስ ዝስመዓኩም ቀልጢፍኩም ምስቲ ናይ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ጨንፈር ቲቢ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ እትገብሩ ከምዚ ዝስዕብ እንተኾይኑ እዩ፦

- ንሕማም ቲቢ ዘመላኽቱ ተርእዮታት ምስ ዝረኣይኹም፣
- ብምኽንያት ሕማም ወይ መድሃኒታት ዝተዳኸመ ናይ ሕማም ምጽዋር ብቕዓት ምስ ዝህልወኩም፣
- ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ምስቲ ሕሙም ርክብ ዘለዎም ምስ ዝህልዉኹም።

  እቶም ኣዝዮም ፍሉጣት ምልክታት ናይ ቲቢ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦
  - ምስዓል
  - ምጉዳል ክብደት ወይ ሸውሃት ምዕጻው
  - ልዑል መጠን ምቐት ኣካላት （ረስኒ）
  - ኣብ ግዜ ለይቲ ምርሃጽ

## መርመራ ዓባይ ሰዓል ብኸመይ ትገብሩ፧

ብዙሓት ኣገባባት መርመራ ቲቢ ኣለዉ። እቶም መርመራታት ዉሑሳት እዮም። ንቆልዑትን ንነብሰጾረትን ውን ዉሑሳት ኣዮም።

- ቱበርኩሊን ናይ ቆርበት መርመራ (Mantoux test)
  እቲ መርመራ ቁሩብ ፈሳሲ ኣብ ቆርበት ብምግባር  ካብ ላዕለዋይ ጸጋማይ ኢድ ወዳኢ ብመርፍእ ወጊእካ ይወሃብ። እቲ ተሓጋጋዚ ክንክን ጥዕና ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት ነቲ ናይ መርመራ ቆርበት ግብረመልሲ ክግምግሞ እዩ። ናይ ቆርበት ግብረመልሲ ከም ንእሽቶ ሕበጥ ባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ከምዘለኩም ክትሕብር እያ።

- ናይ ደም መርመራ (IGRA)
  እዚ ቁምሶ ደም ምውሳድ የድልዮ፣ እቲ ቅምሶ ደም ንመርመራ ናብ ላቦራቶሪ ይለኣኽ። እዚ መርመራ እዚ ንስኹም በቲ ባክተርያ ናይ ዓባይ ሰዓል ተለቢድኩም ከምዘለኹም ክሕብር ይኽእል። እቲ ውጽኢት መርመራ ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተሰሙናት ይወሃብ።

- መርመራ ራጂ ኣፍልቢ (ናይ ሳናቡእ)
  እቲ ናይ ኣፍልቢ መርመራ ራጂ (ናይ ሳናቡእ) ቀልጢፉ ብምንጻር ኣብ ሳንቡእ ሕማም ቲቢ ከምዘሎ የመላኽት። እቲ ውጽኢት ናይ ራጂ ኣፍልቢ ኣብ ውሽጢ ዉሑዳት መዓልታት ክወሃብ ይኽእል።

## በቲ እትህቡና ሓበሬታ እንታይ ንገብር፧

እቲ ክፍሊ ሕክምና ዓባይ ሰዓል (GGD)፣ ነቲ ኣብ  ውልቃዊ ሕክምናዊ ፋይልኩም ተዓቂቡ ዝርከብ ሓበሬታ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት እዩ ዝሕዞ። ነቲ መደብ ንምምሕያሽን ንምቁጽጻርን ድማ ብምስጢር ክስረሓሉ ይኽእል።

## ዝኾኑ ሕቶታት፣ ዘይተነጸሩ ነገራት፣ ጥርዓናት፣ ወይ መመላእታታት ኣለዉኹምዶ፧

- ብኽብረትኩም ንኽፍሊ ምክልኻል ቲቢ ናይ GGD ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ተራኸቡ። ናይቲ መራኸቢ ዝርዝራት ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ www.ggd.nl ከምኡውን ኣብቲ ናይ ክታበት ዕድመ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።
- ብዛዕባ ሕማም ቲቢ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፦ www.rivm.nl/tuberculose።

This information is available in English at:
Xogtaan oo Soomaali ah waxaa laga heli karaa:
Te informacje można znaleźć w języku polskim na stronie:
ብቛንቋ ትግርኛ ዝተተርጐመ መልክዕ ናይ'ዚ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ ክርከብ ይከኣል፦

هذه المعلومات متاحة باللغة العربية في هذا الموضع:

این معلومات به زبان دری در اینجا قابل درسترس است:

[www.rivm.nl/en/tuberculosis/information-materials](www.rivm.nl/en/tuberculosis/information-materials)

Published by:

**National Institute for Public Health and the Environment, RIVM**
PO Box 1 | 3720 BA Bilthoven
The Netherlands
www.rivm.nl/en

March 2022

Committed to *health and sustainability*

013615